# እስትራተጂያዊ ሽርክነት ኤርትራን ምስሪን



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሰለስተ መዓልታት ዝወሰደ ወግዓዊ ዑደት ብ8 ሰነ 2026 ናብ ምስሪ ኣካዪዱ። እዚ ዑደት'ዚ ድሕሪ'ቲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ምስሪ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ካብ ፕረዚደንት ምስሪ ዓብደልፈታሕ ኣሲሲ ዝተላእከ ወግዓዊ ናይ ዕድመ መልእኽቲ ሒዙ ብ16 ግንቦት 2026 ናብ ኣስመራ ዑደት ምክያዱ'ዩ ተፈጺሙ። ኣብዚ ከነዘኻኽሮ እንደሊ፡ ዝምድና ኣስመራን ካይሮን ኣብዚ መጨረሽታ እዋን ብኣዝዩ ቅልጡፍ ናህሪ ይምዕብልን ይዓሙቕን ምህላዉ እዩ። ናይዚ ኣብነት ከኣ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ብደረጃ ላዕለዎት ሰበስልጣን ብዙሕ ተለዋዋጢ ዑደታት ይካየድ ምህላዉ እዩ።


ስለዚ ሽኣ ደረጃ ዝምድና ኤርትራን ምስሪን ካብ ክልተኣዊ ረብሓታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ዞባዊ ጉዳያትን ናብ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ሓበሬታውን ዕምቆት ዘለዎ እስትራተጂያዊ ሽርክነት ክብ ምባሉ ዘገርም ኣይኮነን። ምስሪ ንኤርትራ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ባብ ኤልመንደብን ከም እስትራተጂያዎ ዕምቆታ ትርእያ ካብ ኮነት፡ ብተመሳሳሊ ድማ ኤርትራን ንምስሪ ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን መትረብ ስዌጽን ከም እስትራተጂያዊ ዕምቆታ ክጥምታ ባህርያዊ እዩ። ከም ዝፍለጥ እስትራተጂያዊ ረብሓታት ኤርትራን ምስሪን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ፈለግ ናይል፡ ዞባ ወሽመጥ ዓረብን መላእ ማእከላይ ምብራቕን ዝተኣሳሰረን ኣብ ነንሓድሕዱ ዝመላላእን እዩ።

ቀንዲ ዕላማኡ ከኣ ካብ'ቲ ገለ ሃገራት ዞባና ብዋጋ ህዝብታተን መላእ ህዝብታት ዞባናን ክሳብ ሕጂ ዝኽተልኦ ዘለዋ ኣስፋሕፋሒ ጥሙሓት፡ ሕጊ

ጫካን ናይ ዕብለላ ጽላለን ርሒቅካ፡ በቲ ንዝምድናታት ሃገራት ዝገዝእ ኣህጉራዊ ሕጊታት ተገዚእካ ኣብ መንጐ ሃገራትን ህዝብታትን ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር ዝተሰረተ ጸጥታ፡ ሰላምን ርግኣትን ምርግጋጽ እዩ። ኣብ መጨረሽታ ስነ-ሞጎት ሓቂን ፍትሒን ከም ዝዕወት ግን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነዚ ዘረጋግጽ ብዙሕ ታሪኻዊ ሓቂታት'ውን ኣሎ። ክንደይ ዓመጽቲ ስርዓታት ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ዘይተደርበዩ።
ዝምድና ኤርትራን ምስሪን ሎሚ ዝተወልደ ኣይኮነን። ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ ዝምድና ከም ምዃኑ መጠን ከኣ ኣብ ሓጺር ጽሑፍ ከተቁሮ ስለዘይክኣል ንሕጂ ኣብ ሰለስተ ኣገደስቲ ታሪኽዊ መድረኻት ጥራሕ ከነተኩር ኢና።

## ቀዳማይ መድረኽ፦

ካብ ዘመነ ፎሮዖናውያን ዝጀመረ ናይ ስልጣነ ዕምቆት ዘለዎ እዩ። ካብ ነበርቲ ናይቲ ዞባ ኣብ መስርሕ ንግዳዊ ዳህሳስ ክሳብ ሶማል ዝተንቀሳቀሱ ቀዳሞት እዮም። ካብ 2458 ክሳብ 2246 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብንግዳዊ ምንቅስቓስ ክሳብ ኤርትራ ዝበጽሐ ቀዳማይ ካብ ስድራ ቤት ፎርዖን ንጉስ ሳሑርዕ እዩ። ኣብ 1404 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ምስሪ ስልጣን ዝሓዘት ንግስቲ ሓትሸብሱት ኣብ ክሊ ናይ ፎሮዖናውያን ንግዳዊ ምንቅስቓስ ኣብ ደቡብ ቀይሕ ባሕሪን ወሽመጥ ዓደንን ገማግም ሶማልን ናብ ኤርትራ ከም ዝበጽሐት ድማ ክሳብ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ሓበሬታ የመልክት።



ጀማል ዓብደልናስር

**ካልኣይ መድረኽ፦** እዚ መድረኽ'ዚ ብኩሉ መለክዒታት ፖለቲካዊ ዕምቆት ዝነበሮ መድረኽ እዩ። ዝምድና ኤርትራን ምስሪን ድሕሪ'ቲ ብጀማል ዓብደልናስር ዝምራሕ ኣብ ሰውራዊ እዋኑ ንብዙሓት ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ኣፍሪቃ እንኮላይ ንምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ነታ ኣብ 1960 ኣብ ካይሮ ዝተመስረተት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝሓቆፈ ሰውራ

23 ሓምለ 1952 ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ኢሉ። ኣብ ሓምሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ንዓበይቲ ፖለቲከኛታት ኤርትራ ከምኒ መሓመድ ስዒድ ናውድ፡ ጣህር ፈዳብ፡ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኢብራሂም ሱልጣን ዓሊን እድሪስ መሓመድ ኣድምን ተቀቢሉ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምስሪ ሓላፍነትን ጾርን ናይ'ቲ ንስለ ናጽነትን ሓርነትን ዝካየድ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝስከሙ ንቑሓትን ብቑዓትን ካድራት ንምፍጣር ምእንቲ፡ ንብዙሓት ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣፍ-ደገ ዩኒቨርስቲታታን ኮለጃታን ከፊተትሎም። ብርግጽ ከኣ ብዙሓት ኣብ ምስሪ ዝተማህሩ ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ባህላውን መዳያት ኣድማዒ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም። ገለ ካባኣቶም ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ፡ መራሒ ጠቕላሊ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ መሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ፡ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ሮመዳን መሓመድ ኑር፡ ስነ-ጥበባውያን ገጠምቲ ኣሕመድ መሓመድ ስዓድን ዓብደልራሕማን ስካብን ምጥቃስ ይከኣል። ብተወሳኺ ምስሪ ኣብ ዘመነ ዓብድልናስር ንፖለቲካውያን መራሕቲ ኤርትራ ህዝቦም ንምንቅስቓስን ድምጺ ሓርነታዊ ቃልሶም ንዓለም ንምስማዕን መደበር ሬድዮ ከፊታትሎም እያ።

**ሳልሳይ መድረኽ፦** እስትራተጂያዊ ዕምቆት ዘለዎ፡ ኣብ ዘመነ ፕረዚደንትታት ዓብደልፈታሕ ኣሲሲን ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ምስሪን ንመላእ ጂኦ-እስትራተጂያዊ ባብኤልመንደብ፡ መትረብ ስዌጽን መጻብቦ ሄርሙዝን ሓሊፉ ካብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ክሳብ ማእከላይ ምብራቕ ዝዝርጋሕ ናብ ደረጃ እስትራተጂያዊ ሽርክነት ማዕቢሉ።



## ስሉሳዊ ኣዋጅ ኣስመራ

ብ10 ጥቅምቲ 2024፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣሲሲን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ኣብ ኣስመራ ዝኸተምዎ ስምምዕ፡ ናይ ብሓቂ ኣብ ዞባና ብሓፈሻ፡ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ምስሪን ድማ ብፍላይ ወሳኒ ታሪኻዊ መቐይሮ'ዩ ነይሩ። ካብዚ ቀጺልና

እምበኣር፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ሰለስቲኦም መራሕቲ ዝተሰማምዕሉ ሓሙሽተ ቀንዲ መትከላት ነቕርብ።

1- በቲ ብገለ ዓበይቲን ንኣሽቱን ሃገራት ብስሩዕ ዝግሃስ ቀንዲ መትከላትን መቆሚታትን ኣህጉራዊ ሕጊ ምምእዛዝ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ከኣ ብዋጋ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ውዕላትን ናይ ዕብለላን ዕንደራን ፖሊስታተን ንምዕዋት'የን ዝሰርሓ።
2- ብሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሃገራት ዞባን ምምእዛዝ። ይኹን'ምበር ገለ ሃገራት ዞባና ሉኣላውነተን ብገለ ናይ ምስፍሕፋሕን ምግባትን ሕማም ዘለወን ሃገራት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ይግሃስ እዩ።
3- ንህዝብታት ሰለስቲአን ሃገራት ብዘገልግል ኣገባብ ኣብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ባህላውን መዳያት ስሉሳዊ ምትሕግጋዝ ምሕያልን ምዕማቑን።
4- ጸጥታን ሰላምን ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኩሉ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ዕምቆቱ ምውሓስ።
5- ትካላት ሃገረ ሶማል ንዝተፈላለየ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ንምምካት ክኽእልን ሃገራዊ ሰራዊት ሶማል ንኩሉ ዓይነታት ግብረ-ሽበራ መኪቱ ናይ መሬትን ባሕሪን ዶባቱ ከውሕስን ሓድነቱ ክዕቅብን ምእንቲ ዓቕሙ ንምሕያል ኣብ መንጐ ሰለስቲአን ሃገራት ምውህሃድን ምትሕግጋዝን ምምዕባል።

ኣብ መጨረሽታ ሰለስቲአን ሃገራት፡ "ስምምዕ ኣስመራ" ናይ ጽቡቕ ድሌት መግለጺ ኮይኑ ንኸይተርፍ፡ ብሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ፡ ምስሪን ሶማልን ሓባራዊ ኮሚተ ኣብ ኩሉ ናይ ምትሕግጋዝ መዳያት ናይ ስራሕ መደብ ተወሲዱ ናይ ትግባረን ምክትታልን መካኒዝም ንምሕያል ክሰርሓ ዘለወን ድልውነት ኣረጋጊጸን።

# እስትራተጂያዊ ሽርክነት

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ምስሪ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ዝመርሖን ሚኒስተር መጓዓዝያ ጀነራል ካምልን ካልኣት ወከልቲ ብሕታዊ ጽላትን ዝርከብዎ ላዕለዋይ ልኡኽ ምስሪ ብ16 ግንቦት 2026 ናብ ኤርትራ ዘካየዶ ዑደትን ኣብ ኣስመራ ምስቲ ብሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ዑስማን ሳልሕ ዝምራሕን ሓላፊ ቍጠባዊ ጉዳይ ህግደፍ ሓጐስ ገብረሂወትን ሚኒስተር መጓዓዝያን መራኽቢታትን ተስፋስላሰ ብርሃነን ዝሓቖፈ ልኡኽ ኤርትራ ዘካየዶ ውጽኢታዊ ምይይጥን ከምኡ ድማ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ምስሪ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዛዕባ ምዕባለታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ፈለግ ናይል፡ ባብኤልመንደብ፡ ወሽመጥ

ዓደን፡ መጻብቦ ሄርሙዝ፡ መጥቃዕቲ ኣሜሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራንን ኣብ መላእ ሃገራት ዞባናን ዓለምን ዘስዓቦ ኣሉታዊ ውጽኢትን ኣመልኪቶም ዘካየድዎ ዘተ ባህሪ ዝምድና ኣስመራን ካይሮን ናብ ዓይነታዊ ምዕባለ ንኽሰጋገር ኣድማዒ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

ብ8 ሰነ 2026፡ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣሲሲን ዝተኻየደ ርክብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ካይሮን ኣስመራን ብላዕለዎት ደረጃታት ዝተኻየደ ብርክት ዝበለ ዘተታት እዩ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ምስሪን ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ እስትራተጂያዊ ሽርክነት መሰረትን መትከላትን ኣንጺፉ። ነዚ ኸኣ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ምስሪ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ኣብ'ቲ ብ10 ሰነ 2026ምስ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ሓቢሩ ኣብ ዝሃቦን ተለቭዥርን ምስሪ ዝፈነዎን ጋዜጣዊ መግለጺ ኤርትራን ምስሪን ኣብ ዘንበበሉ እዋን ገሊጹዎ እዩ። ኣብ'ቲ ንክልተኣዊ ዝምድናታትን ዞባዊ ጉዳያትን ጂኦ እስትራተጂያዊ ክልቲኣን ሃገራትን ኣመልኪቱ ዝወጸ ሓባራዊ መግለጺ ኸኣ እዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ተገሊጹ ኣሎ።




- ኣብ ዝመጽእ እዋናት ኣብ መንጎ ክልቲኣን ኣሓት ሃገራት ዝካየድ ዑደታት ምጽዓች። ንዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ዝገዝእን ንዝተፈላለዩ ናይ ምትሕግጋዝ መዳያት ዝሓቁፍን ትካላዊ ቅርጺ ምምዕባልን ኣብ ዝተፈላለየ ዞባውን ኣህጉራውን መጋባእያታት ተወሃሂድካ ምስራሕን።
- ምስሪ ንሉኣላውነት ኤርትራን ዞባዊ ሰላምን ምሉእ ብምሉእ ከም እትሕግዝ ተረጋጊጹ።
- ኣብ ዝመጽእ እዋናት ኤርትራን ምስሪን ምስ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ሃገራት ኣብ ዝሳተፍኦ ንጥፈታትን ርክባትን ዑደታትን ካይሮ ከም ማእከል ኮይና ከተገልግል።

- ንክልተኣዊ ዝምድና ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ክብ ንምባልን ነዚ ዘሎ ዕድላት ኣብ ምድራኽ ቍጠባ፡ ወፍሪ፡ ንግዲን ምትሕግጋዝን ከም ዝውዕል ንምግባርን ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል።
- ንሓባራዊ ጥቕሚ ክልቲኤን ሃገራትን ህዝቢታተንን ብዘረጋግጽ መገዲ ንክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ሓይሊ ምሃብ። ኣብ መንጎ መንግስታት ምስሪን ኤርትራን ኩባንያታት ምስሪን ብሕታዊ ጽላት ምስሪን ስሉሳዊ ሽርክነት ምቛም። ኣብዞም ዝስዕቡ ጽላታት ቀዳምነት ምሃብ። ዕደና፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ መጓዓዝያ ባሕሪ፡ ምትእስሳር ወደባት፡ ኣብ ምምዕባል ኩለን ወደባት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ወደባት ዓሰብ፡ ምጽዋዕን ማርሳ ፋጥማን ምትሕግጋዝ። ከምኡውን ኣብ ጽላት መድሃኒት፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ምትእስሳር ባሕሪን መሬትን፡ መገዲ ባቡርን ካልእ ናይ ምትእስሳር መዳያት ኣብ ኤርትራን ኣብ መንጎ ምስሪን ኤርትራን ምትሕግጋዝ። ብተወሳኺ ብዛዕባ'ቶም ተወሳኺ ዋጋ ዘለዎም ፍሉያት ፕሮጀክቲታት ተዘሪቡሎም። እዚ ድማ ማዕድናት ምውጻእ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቶም ጥረ ነገራት ናብ ውዱእ ፍርያት ንምቕያሮም ዘኽእል ፋብሪካታት ምቛም የጠቓልል። በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ጥረ-ነገራት ናብ ውዱእ ፍርያት ዝቕይር ፋብሪካታት ብምቛም ተወሳኺ ዋጋ ምርግጋጽ ይከኣል።
- እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ፕረዚደንትታት ብ8 ሰነ 2026 ዝተኻየደ ርክብ፡ ዓቕሚታት ንምህናጽ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ኣሓት ሃገራት ምትሕግጋዝ ምርግጋጽ ዝብል ነይሩ። ከምኡ ድማ ምስሪ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኤርትራ ብመሰረት ቀዳምነታት ኣሕዋት ኤርትራውያን ኣብ መዳያት ሞያን ትምህርቲን ንምህናጽን ንምስልጣንን ምሉእ ብምሉእ ድልውቲ ምህላዋ ኣረጋጊጻ።
- ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ብዝምልከት ድማ፡ ርክብ ክልቲኦም መራሕቲን ምስ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ዝገበርኩዎ ዘተን ኣገዳስነት ምትሕግጋዝ ኣብ መንጎ ሃገራት ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ቍጠባዊ ምድግጋፍ ብምጽዓቕ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ምትሕግጋዝ ምሕያል ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።
- ማያዊ መስመር ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ወሽመጥ ዓደንን ናይ ምውሓስ ጉዳይ ፍጹም ሓላፍነት ናይተን ኣብ ገማግሙ ዝርከባ ሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃን ምዃኑን ካብ ካልኦት ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘየለዋ ሃገራት ኣብኡ ህልውንኦን ንምርግጋጽ ዝገብርኦ ፈተነታት ምሉእ ብምሉእ ከም ዝነጽግዎ ኣረጋጊጾም። ከምኡውን ነቲ ምስዚ ጉዳይ'ዚ ዝተኣሳሰር ኣህጉራዊ ሕጊን መትከላትን ምሉእ ብምሉእ ምምእዛዝ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

- ከምኡውን ኣብ'ቲ ሃገረ ኤርትራ ሓድነትን ሉኣላውነትን ናይ'ተን ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪን ወሽመጥ ዓደንን ዝርከባ ሃገራት ዘረጋግጽ ብጉዳይ ምምሕዳር ቀይሕ ባሕሪ ብዝምልከት ኣቀዲማ ዘዳለወቶ ሓሳባት ተሰማሚዕና። ብተወሳኺ ንጸጥታን ሰላምን ቀይሕ ባሕሪ ዘስግእ ሓደጋታት ኣጠቓላልን ዝርዝራውን ገምጋም ምክያድ።
- ኣብዚ ናይ ሎሚ ርክባት፡ ነቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ክቡር ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣሲሲን ዝተዘራረብሉ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ኩነታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሶማልን ሱዳንን ብዝርዝር ተዛሪብናሉ። ንዝኾነ ናይ ወጻኢ ምትእትታው ብምንጻግ ሓድነትን ሉኣላውነትን ሶማል ኣረጋጊጽና። ክልቲአን ኣሓት ሃገራት ንዝኾነ ተፈንጫሊ ጉጅለ ከም ዞባ ሶማሊ-ላንድ ዝኣመሰለ ብምንጻግ፡ ነቲ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ እስራኤል ዝሃበቶ ኣፍልጦ ኮኒኑ።
- ሱዳን ብዝምልከት ድማ፡ ነቲ ኣብኡ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ሓድነትን ሰላምን ሱዳን ብዘውሕስ መገዲ ደው ምባሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረጋጊጾም። ተራ ሃገራዊ ትካላት ሱዳን ብቀዳምነት ከኣ ሰራዊት ሱዳን ኣገዳሲ ምዃኑ ብምምልካት፡ ንዝኾነ ንዕኡ ክመዓራረ ዝፍትን ተጻራሪ መንነት ምሉእ ብምሉእ ነጺጉዎ።
- ዕላማታት ነባሪ ልምዓት ሃገራትን ህዝብታትን ዞባ ብዝሕግዝ መገዲ ጸጥታን ርግኣትን ሃገራት ንምውሓስ ኣብ መንጐአን ምውህሃድ ንምሕያል ተሰማሚዮም።
- ንናይ ዞባ ሓባራዊ ጸጥታን ናይ ትግባረ መካኒዝምን ንምድላው ምስምማዕ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ተረዳዲኦም። ብቀዳምነት ከኣ ባይቶ ሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃን ገማግም ቀይሕ ባሕሪን ወሽመጥ ዓደንን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ምንጥጣፍ እዩ።
- ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣሲሲን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ንሉኣላውነትን ሓድነትን ሃገራት ዝምልከት መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ምኽባር ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ንኣህጉራዊ ማያዊ መስመር ብቀዳምነት ከኣ ፈለግ ናይል ንምቁጽጻር ዝውሰድ በይናዊ ስጉምቲ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝኹንንዎ ኣረጋጊጾም። ከምኡውን ሃገራውያን ትካላት ኣብ ዝኾነት ሃገር ዓንዲ ሕቖ ርግኣት ስለዝኾና፡ ንምሕጋዘን ኣበርቲዕካ ምስራሕ።
- ኣብ መደምደምታ፡ ኩነታት ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ንምክትታል ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረጋጊጾም። ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ርክቦም ብዛዕባ ዞባዊ ጉዳያትን ኩናት ኢራንን ሕመረት ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ዝኾነ ጉዳይ ፍልስጥኤምን ኣልዒሎም ዘትዮም። ከምኡውን ንተጻብኦ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግምን ቃዛን ሊባኖስን ኮኒኖም።

- ብኣህጉራዊ ሕጊ ምምእዛዝ፡ ሉኣላውነት ሃገራት ምዕቃብ፡ ንዝኾነ ወተሃደራዊ ጐበጣን ወተሃደራዊ ኣማራጺታትን ብምንጻግ ከኣ ኣብ ኣፈታትሓ ግጭታት ዲፕሎማስያዊ ጻዕራታትን ሰላማዊ ፖለቲካዊ ፍታሕን ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።
- ኣብ ልዕሊ መሰል ህዝቢ ፍልስጥኤም ብእስራኤል ዝፍጸም ተግባራት ብምንጻግ ከኣ፡ ኣብ ናይ 1967 ዶብ ዝተሰረተትን ዋና ከተማኣ ምብራቕ ኢየሩሳሌም ዝኾነትን ናጻ ሃገረ ፍልስጥኤም ንምቛም ዘሎ ፍትሓዊ መሰል ህዝቢ ፍልስጥኤም ኣረጋጊጾም።

11 ሰነ 2026